# ተጋዳላይ ዓብደላ ሹም ተሰዊኡ



ዓብደላ ኦና ሙሓመድ ኢብራሂም ፣ ብዓብደላ ሹም ዝፍለጥ ገዲም ተጋዳላይ ብዕለት 17/2/2017 ኣብ ካርቱም ተሰዊኡ ። ስዉእ ምቕማጡ ምስ ስድራኡ መደበር ስደተኛታት ኡም ጉርጉር ኮይኑ ብዝሓደሮ ሕማም ነዊሕ ክሳቀ ድሕሪ ምጽናሑ ንሕክምና ንካርቱም ምስ ከደ እዩ ኣብኡ ተሰዊኡ ።

ዓብደላ ሹም ኣብ ዓዱ ሳርውስ ከባቢ ሰንዓፈ ብ1948 ተወሊዱ ። ንእሽቶ መንእሰይ ከሎ ድማ ራብዓይትን ሳልሰይቲ ክፍልን ቦታታተን ምስ በጻሓ ፣ ብ1966 ኣብ ሰውራ ዝተረጸምበረ እዩ ። ኣብ ሰልፊታት ሰውራ ድማ ብጽንዓት ተወፋይነትን ክቃለስ ዝጸነሐ ዓብይ ግደ ዝነበሮ ተጋዳላይ ነሩ ።መጀመሪያ ምስ ተሰለፈ መደቡ ምስቶም ኣብ መጀመሪያ መዋእል ሰራዊት ሓርነት ምድፋዕጅያት(ሰብ ከቢድ ብሬት)ዝብል ሽም ዝዋሃቦም ዝነበረ ራሻታት (ብሬናት)ዝዓጠቁ ነሩ ። ድሕሩ ኣብ ሰብዓታት ካብቶም ዉሪያት መራሕቲ ጋንታታት ክኾውን ከሎ ብፍላይ ካብቶም ናይ ዕሳባት(ኣድቢኻ ተዋጋእቲ)ዉሩያት ተወንጨፍቲ ኣጥቃዕቲ ጋንታታት መራሒ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለየ ወገናት ኤርትራ ኣብቲ ምስ ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ግጥምያታት ዝተሳተፈ እዩ ።

ተጋዳላይ ዓብደላ ሹም ብ1978 ከቢድ መውጋእቲ ተወግኡ ካብ ዕጡቃት ሰልፊታት ሰራዊት ክርሕቅ ተገድዱ ። መወዳእታ ሰማንያታት ድማ ኣብ ሱዳን ፣ ንቁሩብ ግዜ ድማ ሱዑዲያ ኣቲዩ ነሩ ። ዝካኣሎ እንዳገበረ ድማ ካብ ቃልሲ ሪሒቁ ኣይፈልጥን ። ካብቲ ዘይርሳዕ ምስ ቃልሲ ዝነበሮ ምትእስሳር ድማ እዋን ሕማሙ ፣ ጥዕናኡ ንምሕታት ክትራኸቦ ከሎኻ ብሕማም እንዳተሳቀየ ብዛዕባ ኩነታት ውድቡ ግሃድኤ ይኹን ፣ ተቃውሞ ሓይሊታት ብሓፈሻ ፣ብፍላይ ድማ ጉዳይ ሓድነት ወዘተ ብዝምልከት ከይሓተተ ኣይሓድገካን ።ሞት ዘይተሪፍ እዩ እሞ ፣ ኣላህ ንጀና ይበሎ ። ንክብርቲ ባዓልቲ ቤቱን ደቁን ኣዝማዱን ዝተፈላለዩ ካልኦት ብጾቱን ድማ ጽንዓት ይሃብ ።

ሱዳን

21/2/2017